## ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት
## ነቲ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ዝውሃብ ዝነበረ ሓገዝ ደው ዘበለ ውሳኔኡ
## ዳግመ ርእይቶ ክገብረሉ ምኺኑ ገሊጹ

**ቤት ጽሕፈት ዜና**
**ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን**
**24.08.2005**

ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ነቲ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ዝውሃብ ዝነበረ ሓገዝ ደው ዘበለ ውሳኔኡ ዳግመ ርእይቶ ክገብረሉ ምኺኑ ገሊጹ። ነዚ ውሳኔዚ ዳግመ-ርእይቶ ንምግባር ዘገደደ ምኽንያት፡ እቲ ብብዝሒ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ሱዳን እናዛየደ ስለዝመጸን፤ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኵነታት ውን ዘተባብዕ ስለዘይኰነን ኢዩ።

እቲ ከም ስደተኛታት ቅቡልን ዘይቅቡልን ንምኺን ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ዘካይዶ ሕጋዊ ናይ ምጽራይ መስርሕ (legal screening) ዘይሓለፉ ቀሊል ዘይኰነ ቍጽሪ ዘለዎም ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝውሃቦም ዝነበረ ሕክምናውን ትምህራታውን ኣገልግሎትን ናይ መግቢ ረዲኤትን ደው ክብል ድሕሪ ምውሳኑ፡ መነባብርኦም ኣዝዩ ጽንኩርን መሪርን ከምዝኾነ ዝዝከር ኢዩ። እቶም ነቲ ናይ ምጽራይ መስርሕ ዝሓለፉ ስደተኛታት እንተኾኑ ውን፡ እቲ ዝውሃቦም ኣገልግሎትን መግብን ካብቲ ቀደም ዝረኽብዎ ዝነበሩ ኣዝዩ ለጠቕ ዝበለ ምኺኑ ዝዝከር ኢዩ።

ኮሚሽነር ስደተኛታት ኣንትዋን ጅንዲስ ኣብ ሱዳን ኣብ ዝገብሮ ዘሎ ዑደት፡ ምስ ፕረሲደንት ሃገረ ሱዳንን ናይ ወጻኢን ናይ ውሽጥን ናይ ሰብኣዊ ጕዳያት ሚኒስትሪትትን ዝርከብዎም ብርክት ዝበሉ ላዕለዎት ሰበስልጣን ከምዝተራኸበ ውን ይፍለጥ። ከምኡ ውን፡ ትማሊ ኣብ ምዕራብ ሱዳን ዝርከብ ናይ እተዘናበሉ ስደተኛታት መደበር በጺሑ። ሚስተር ኣንትዋን፡ ምዕራብ ዳርፉርን ናብ ኢንጀማይና ርእሰ-ከተማ ቻድ፡ ኣብ ደቡብ ሱዳን ዝርከባ ሩምበክን ያይን እተባህላ ከተማታት ንምብጻሕ ቅድሚ ሎሚ ዕለት 24.08.2005 ካብ ካርቱም ተበጊሱ ኣሎ። ብድሕርዚ ውን፡ ኣብ ከንያ ዝርከብ ናይ ሱዳናውያን ስደተኛታት መደበር ክበጽሕ ምኺኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ብዘሎና ሓበሬታ ግን፡ ኮሚሽነር ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብቲ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝርከብ መደበራት ኤርትራውያን ስደተኛታት ብጽሖት ኣይገበረን።